# ፍቕሪ ኣብ ኩሉ ንበሪ

ፍቕሪ ኣብ ኩሉ ንበሪ
ብዘይ ብኣኺ የሎን ክብሪ :
ንድኹማት ሓይሊ
ንሓያላት ሓኸሊ:
ንድኻታት ሃብቲ
ንሃብታማት ትምህርቲ :
ካብ ኩሉ ኣዚኺ ምቅርቲ
ፍቕሪ ኣብ ኩሉ ንበሪ:
ስንቂ ኢኺ ዘይውዳእ እኽሊ
መሳገሪት መድረኽ ዘይትብተኽ ፈትሊ
ኩሉ ዝሃርፋ ዘይድምሰስ ምስሊ
ሰርታ ዱልዱል ዘይንቕነቕ ዓንዲ
ፍሬኣ ሙቁር ዘይትቕምስል ተኽሊ
ዋጋኺ ዘይዕየር ብኣልማዝ ብወርቂ :
ንኣህዛብ ከም ሓደ ስድራ ትጠምር
ንብሄራት ልዕሊ ነብሳ ተኽብር
ንስኒት ጐድጓዳ ተምዕር
ንሳ'ያ  ፍቕሪ  ዋሕስ ናይ ሃገር
ማሕላና ይኹን  ሃገራዊ ማህደር
ሕድሪ  ሰማእቲ'ያ  ኣብ ልብና ክትሰፍር :

ዘልኣለማዊ  ክብርን  መጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ !
ብርዒ ሓቂ :